ሰማዕት ቅድስት ኣርሴማ 1

ወሀሎ አሐዱ ብእሲ ዘስሙ ቴዎድሮስ ዘእምዘመደ ክቡራን ካህናት ወሌዋውያን ወነገሥት ጎያላን፣ ወአውሰበ ብእሲተ እምዘመዶሙ ለካህናት ወሊቃነ ጳጳሳት ሥዩማነ ቤተ ክርስቲያን ርቱዓነ ሃይማኖት እንተ ስማ አትሮስያና ቡርክት። ወኮኑ ፈራህያነ እግዚአብሔር ወጻድቃን እሙንቱ . . . ወእምዝ ስእኑ ወሊደ ወኮኑ መካናተ እስከ ሲበት።

ካብ ወገን ክቡራን ካህናትን ጎያላን ነገሥታትን ዝኾነ ቴዎድሮስ ዝስሙ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ንሓንቲ ካብ ወገን ሥዩማነ ቤተ ክርስቲያንን ርቱዓነ ሃይማኖትን ዝኾኑ ሊቃነ ጳጳሳትን ካህናትን ዝኾነት 'ኣትሮስያና' ዝስማ ብርኽቲ ሰበይቲ ተመርዓው። ክልቲኦም ፍርሃት እግዚአብሔር ዝነበሮም ጻድቃን ነበሩ። . . . ክሳዕ ዕድመ እርግና ዝበጽሑ ክወልዱ ዘይክእሉ መካናት ነበሩ።

ስሞም ዘጸውዕ ንእኡ ዘሥምር ወዲ ድዩ ጓል ውላድ ክህቦም ብሥነ ምግባር ተጊሆም ወትሩ ይጽልዩ ስለዝነበሩ፡ እግዚአብሔር ብረድኤቱ በጺሕዎም ሓንቲ ቅድስቲ ውላድ ሃቦም። ስማ ድማ ' ኣርሴማ ' ሰመይዋ።

ኣብ ሻልሳይ ዓመት ዕድመኣ ኸኣ ናብታ ብስም እግዝእትነ ማርያም ትጽዋዕ ቤተ ክርስቲያን ወፈይዋ። ቅድስቲ ኣርሴማ፡ ካብ ሕፃንነታ ጀሚራ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ተጽንዕ፡ ብጾምን ጸሎትን ተወሲና'ውን ትጋደልን ተገልግልን ነበረት።

ቅድስት ኣርሴማ ጓል 15 ዓመት ኣብ ዝነበረትሉ ጊዜ፡ ከሓዲ ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ዝምርዓዋ መልክዐኛ ጓል ሥኢሎም ከምጽእሉ ንሠራዊቱ ናብ ኩሉ ግዝኣቱ ኣዋፈረ። እዞም ዝተላእኩ ወተሃደ እናኾለሉ ኣብ ሃገረ ሮሜ ኣብ እትርከብ ደብረ ደናግል በጽሑ። ካብ ኩለ ኣብኡ ዝነበራ ደናግል ከኣ ንቅድስት ኣርሴማ ብመልክዕ ዝበልጻ ስለዘይነበረ፡ ብመልክዓ እናተደነቑ ሥኢሎም ንሥእላ ንንጉሥ

Scanned with CamScanner

ዲዮቅልጥያኖስ ለኣኽሉ። ንጉሥ ድማ ሥእላ ርእዩ እምብዛ ተሓጐሰ፡ ኣብ ኢዱ ከምዘእትዋ ተኣማሚኑ ኸኣ መርዓ ቈጺሩ ንኹሎም ነገሥታትን መኳንንትን ዓደሞም።

2

ነዚ ዝተገብረን ክግበር ተቈጺሩ ዘሎን እተን ደናግል ምስ ፈለጣ፡ ካብቲ ደብረ ደናግል ወፂአን ሃዲመን ኣብ ግዝኣት ንጉሥ ድርጣድስ ሃገረ ኣርማንያ ኣብ በረኻ ጫቃታት ተሓብኣ። ኣብዚ ቦታ'ዚ ብጠቕላላ 75 ሰብኡትን ኣንስትን ካብዚ ኦም ኸኣ እዘን 39 ደናግል ኣንስቲ ብጥሜትን ጽምእን ብስእነትን ሸግርን ይነብሩ ነበሩ።

ኣብዚ ምድረ ኣርማንያ ምህላዋ ዝሰምዐ ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ፡ ካብ ዘላቶ ረኺቡ ክሰደሉ ንንጉሥ ድርጣድስ ኣዘዞ። ንጣዖት ዝሰግድን ኣብ ፀሓይ ዘምልኽን ንሕዝበ ክርስቲያን ዘሳቕን ዝስይፍን ዝነበረ ንጉሥ ድርጣድስ፡ ኣብ ግዝኣቱ ንዘላ ቅድስት ኣርሴማ ወተሃደራቱ ልኢኹ ምስ ምስኣ ዝነበራ ቅዱሳን ደናግል ኣምጽኣ። ንጉሥ ድርጣድስ ንቅድስት ኣርሴማ ብመልክዓ ተማሪኹ ንዓለማዊ ሓጐስን ሥጋዊ ድሌቱን ተመነያ። ኣብ ጣዖቱ ከስግዳ'ውን ብዙኅ ፈተና። ቅድስት ኣርሴማ ግና ኣብ ሃይማኖታ ጸኒዓን፡ እዚ ዓለም'ዚ ምስ ፍትወታቱ ኃላፊ ምኻኑ ኣሚናን "ንኣታቶምን ንኣሕዛብን ንምስክር ምእንቲ ክኸውን ብኣይ ምኽንያት ምእንታይ ናብ መኳንንትን ነገሥታትን ክትውሰዱ ኢኹም" ማቴ. 10፡18 ዝበሎ ቃል ወንጌል ዘኪራን ምእንቲ ስመ ክርስቶስ ሰማዕት ክትከውን በሃገት።

ንጉሥ ድርጣድስ ብመንፈሳዊ ጽንዓትን ትብዓትን ቅድስት ኣርሴማ እምብዛ ተናደደ። ምስ ኩሎም ሕዝበ ክርስቲያን ከኣ ብጥሜት ዋዒ እሳትን ብዙኅ ኣጋፍዓን ኣሳቐያን። ንነቢይ ዳንኤል ካብ ኣናብስ፡ ንሠለስቱ ደቂቅ ካብ እቶን እሳት ዘድኃነ እግዚኣብሔር ኣምላኽ፡ ኣብ ኩሉ መከራኦም የጸናንዖምን የድኅኖምን ነበረ። (ዳን.3፡23-26፣ 6፡16-

Scanned with CamScanner

ነበረት። ነተን ሰማዕታት ኣክሊለ ክብር ካብ ሰማይ ክወርደለን ከሎ እናረኣየት ናታ ተራ ብጸሎትን ሓጐስን ትህወኽ ነበረት።

3

ኣብ መወዳእታ “ኪዳነ ተዳየድኩ ምስለ ኅሩያንየ/ ምስ ኅሩየይ ኪዳን ኣተኹ” መዝ. 89፡34 ከም ዝብል ካብ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ቃል ኪዳን ምስ ተቐበለት፡ ንጉሥ ድርጣድስ ርእሳ ኽትምተር ኣዘዘ። እቶም ወተሃደራት ድማ ብገመድ ስሒቦም ርእሳን መልሓሳን ቈረጽዋ፡ ክልቲአን ኣዕይንታ ጐጥጒጦም ብምውፃእ’ውን ንኣካላታ ብብንእሽቶ መተርዎ። ኣብ 29 መስከረም ድማ ብሰይፊ ክሳዳ ቈሪጾም ብሰማዕትነት ኣኅለፍዋ። ካብ ክሳዳ ድማ ደምን ማይን፡ ጸባን መዓርን ከም ነጠብጣብ ዝናመ ክረምት ናብ ኣርባዕቲኡ መዓዝን ወፅኡ። ንቅድስት ነፍሳ ኽኣ ቅዱሳን መላእክት ብይባቤን ዝማሬን ብክብሪ ተቐቢሎም ኣብ ቦታ ዕረፍቲ ኣእተዉዋ።

ናይ ኩሎም ምስተን ደናግል ዝነበሩ ብድምር 72 ሰባት ሬሳኣም ኣብቲ ቦታ ተረፈ። መኅደሪ ሰይጣን ዝኾነ ንጉሥ ብእግዚአብሔር ተቐጺዑ ኣእምሮኡ ጠፊእዎ ምስ ኣራዊት ይነብር ነበረ። ደኃር ግና ብጸሎት ቅዱስ ኅርኅርዮስ ናብ ልቡ ተመሊሱ፡ ብእግዚአብሔር ኣሚንኑ ናይዞም ቅዱሳን ሰማዕታት ኣዕጽምቲ ኣኪቡ ኣብ ጽቡቕን ፍሉይን ሥፍራ ኣቐመጦ። ድኅሪ ጊዜ ድማ በብስሞም ቤተ ክርስቲያን ተሓኒፅሎም፡ካብዚ ቦታ ብዙኅ ተኣምር ተገብረ።

ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና፡ ከምቲ ‘ዝክረ ጻድቅ ለዓለም ይሄሉ’ መዝ. 112፡6 ዝብል ቅድስት ኣርሴማን ካልኦት ቅዱሳንን ብሰማዕትነት ዝዓረፉላ 29 መስከረምን፡ ቅዳሴ ቤታ ንቅድስት ኣርሴማ ድማ 6 ታኅሣሥ ትዝክሮን ተኽብሮን።

ብፍላይ ከኣ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ ዝርከብ ዓዲ ሓውሻ፡ ብስም ቅድስት ኣርሴማ ዝጽዋዕ ቤተ ክርስቲያን ብኽብሪ ይበዓል። ቦታ’ዚ ካብ ጥንቲ ቅድስናን በረኸትን ቅዱሳን ዘይተፈልዮ እዩ። ብዘ[illegible] መናንያንን ባሕታውያን ድምፂ ኣራዊትን ጸብኢ ኣጋንንትን ተዓጊሡም ዝጽልይሉ ዝነበሩ በዓትታትን ናታቶም ኣዕጽምትን ክሳዕ ሎሚ ኣብዚ

Scanned with CamScanner

ብምሕጻብን ብዙኃት ካብ ቃንዛ ሥጋን ደቄ ሰብነትን ጸብኢ ኣጋንንትን ይፍወሱ ኣለዉ። (2ይ ነገ. 13:21፣ ዮሓ. 9:5-7)

4

ኣብዚ እዋን'ዚ ታሪኽን ቅርስን ሰማዕት ቅድስት ኣርሴማ ቤተ ክርስቲያን ዓዲ ሓውሻ ተዓቂቡ ንበረኽትን ፈውስን ሕዝበ ክርስቲያን ክኸውን ብዙኅ ጻዕሪ ይግበር ኣሎ። 'ገድለ ቅድስት ኣርሴማ ብግእዝን ትግርኛን' ተዳልዩ ኣብ መሥርሕ እርማትን ሳንሱርን በጺሑ ኣሎ። እዞም ኣዕጽምቲ ባሕታውያን ዘለውዎም በዓታት ንምዕቃብን ንዝነበረ ኣግራብ ናብ ንቡር ንምምላስን ድማ ልምዓታዊ ሥራሓት ይግበርን ቀጽሪ ምሕናፅ ተጀሚሩን ኣሎ።

ስለዚ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን፡ ኣብዚ መንፈሳዊ ዕዮ ክንሳተፍ እሞ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያምን ሰማዕት ቅድስት ኣርሴማን ቅዱሳን ኣበውን በረኽትን ረድኤትን ክንካፈል ይግብኣና።

በፆታ ጎሩያን ዕደው እንተ ተጎብሪ ፆታ፡
እንበለ ትፍርሂ ምንተ ብልሐ ኰያንው ወፅዕዳዌ ወልታ፡
ዘፈጸምኪ ስምዓ በእንተ ኢየሱስ ንጉሠ ኤፍራታ፡
ሰላም ለኪ አርሴማ ምስለ እምኪ አጋታ፡
ወለደናግል ሰላም ዘድጎሬኪ ሞታ።

በረኽትን ረድኤትን ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያምን ኣዴና ሰማዕት ቅድስት ኣርሴማን ምስ ኩልና ይኹን።

ወስብሐት ለእግዚአብሔር ወለወላዲቱ ድንግል ወለመስቀሉ ክቡር!

Scanned with CamScanner